TIGRINYA
Mr. Diijon DaCosta፡ ገዲም ኣቦ-መንበሪ ቦርድ
Mrs. Deirdre P. Pierce፡ ምክትል ኣደ-መንበር
Mrs. Anna Hill
Mrs. Whitney McGinniss
Ms. Allyson Gevertz
Mrs. Vickie B. Turner
Dr. Joyce Morley

DeKalb County School District

Dr. Devon Q. Horton፡ ዋና-ኣማሓዳሪት

**ብህጹጽ ዝውሃብ ሓበሬታ**

29 የካቲት 2024

**ዝርከብ ሰብ፥**
Donald Porter, *Ed.D.* 678-481-4110
Carla Parker 404-734-1717

## GaDOE፡ ነቲ ዝረኸባኦ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ኣመልኪቱ ን18 ኣብያተ-ትምህርቲ DCSD ኣፍልጦ ይህብ

(STONE MOUNTAIN, GA) – ዓሰርተው ሸሞንተ (18) ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ DeKalb County School District (*DCSD*)፡ ናይ 2024 ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ (Advanced Placement (*AP*) ዝረኸባ ኣብያተ-ትምህርቲ ተባሂለን ተረቑሐን። ዋና-ኣማሓዳሪ ቤት ትምህርቲ ክፍለ-ሃገር፡ Richard Woods፡ ነዚ ዝተረኸበ ፍሉይ ክብሪ ኣመልኪቱ ኣብ 27 የካቲት ሓቢሩ።

እተን ኣብ 2024 ናይ AP ክብሪ ዝረኸባ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ብመሰረት ኣብ 2023 ኣብ ዝተዋህበ ኮርሳትን መርመራታትን AP ዝተረኸበ ውጽኢታት ኣብ ሸሞንተ ምድባት ክብሪ ዝተዋህበን እዩ። እቲ ዝርዝር ናይቲ ምድባት ኣብ ታሕቲ ኣሎ፣ ምሉእ ዝርዝር ናይተን ኣብ ነፍስወከፍ ምድብ ዝርከባ ኣብያተ-ትምህርቲ ድማ ምስቲ መግለጺ ተተሓሒዙ ኣሎ።

“ምስክር ናይቲ ተማሃሮና ዝረኸብዎ ጽዑቕ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ብዝኾና ኣብያተ-ትምህርቲ ሓበን ይስምዓና” ብምባል ዋና-ኣማሓዳሪ Dr. Devon Q. Horton ተዛሪቡ። “እዚ ኣፍልጦ'ዚ፡ ነፍስወከፍ ተማሃራይ፡ ኮርሳት ዝለዓለ ደረጃ ንኺውሃቦ ዕድል ኣብ ምሃብ ብኣውራጃና ንዚግበር ጻዕሪ ብተወሳኺ ዜርኢ እዩ፣ በቲ ዘምጽእዎ ዓወታት ድማ ሕጉሳት ኢና።”

ክፍሊ ትምህርቲ ጆርጅያ (Georgia Department of Education (*GaDOE*))፡ ነተን ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ዝረኸባ ኣብያተ-ትምህርቲ (AP Honor Schools) ኣብ 2008 ኣፍልጦ ምሃብ ጀሚሩ። እቲ ፈተናታት AP፡ ብቦርድ ኮሌጅ (College Board) ዝካየድ ክኸውን ከሎ፡ ንSAT የካይዶ እዩ። ኮርሳት AP፡ ሓደ ካብቲ ተማሃሮ ጆርጅያ፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ከለዉ ናይ ኮሌጅ ትምህርቲ ክረኽብሉ ዝኽእሉ ሓያሎ መገድታት እዩ፣ እቶም ኣብ ፈተና AP፡ 3፡ 4 ወይ 5 ዝረኸቡ ተማሃሮ፡ ናይ ኮሌጅ ክረዲት ክቕበሉ እዮም።

“ነተን ናይ 2024 ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ክብሪ ዝረኸባ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ልባዊ ዝኾነ ናይ እንቛዕ ኣሐጉሰክን መልእኽቲ የመሓላፍ” ብምባል ዋና-ኣመሓዳሪ Richard Woods ተዛሪቡ። “ኣብ ሓያል ፕሮግራም ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ምህናጽ፣ ከም ውጽኢቱ ድማ ንተማሃሮ ጆርጅያ ዚኸውን ልዑል-ዝደረጃኡ ዕድላት ኣብ ምቕራብ ንዝገበርዎ ጻዕሪ ናእዳይ ኣቕርብ። ብተወሳኺ፡ ሓያሎ'ተን ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ዝህባ ኣብያተ-ትምህርትን ኣብያተ-ትምህርቲ ኣውራጃን፡ ኣብ ነፍስወከፍ ዓመት ብቐጻሊ ዕብየት የርእያ ብምህላወን ተገሪመ ኣየ – እዚ ድማ ህዝባዊ ትምህርቲ ጆርጅያ ናብ ኩሎም ተማሃሮ ጆርጅያ ዕድላት ናይ ምስፋሕ ጻዕሪ ከምዘለዎ ዘረጋግጽ እዩ።”

ዝርዝር ኣስማት ናይተን ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ይህባ ተባሂለን ክብረ ዝረኸባ ኣብያተ-ትምህርቲ DCSD እንሆ፥

<u>**ተበጻሕነት APን ደገፍ ኣብያተ-ትምህርትን**</u>
እቶም ዳርጋ 30% ዝኾኑ ንፈተናታት ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ዝወሰዱ ተማሃሮ፡ ኣፍሪቃውያን ኣሜሪካውያን ከምኡውን/ወይ ሂስጳናውያን (እንተወሓዱ 16 ተማሃሮ) ኮይኖም፣ 30% ካብቶም ፈተና ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ዝወሰዱ ኩሎም ተማሃሮ ድማ 3 ወይ ልዕሊኡ ዘምጽኡ ክኾኑ ኣለዎም። እንተወሓደ 25 ፈተናታት ከምዚውሃብ ኪኸውን እዩ።

- **Cross Keys, DeKalb Early College Academy, DeKalb School of the Arts, Tucker**

**-ተወሳኺ-**

**<u>ንፈተና AP Challenge ዝወሰዳ ኣብያተ-ትምህርቲ</u>**

እተን 900 ወይ ትሕቲኡ ዝተመዝገቡ ተማሃሮ ዘለወን ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ናይ እንግሊዝኛ፡ ቍጽሪ፡ ስነፍልጠትን ማሕበራዊ ትምህርትን ፈተናታት ኮይኑ፡ እንተወሓደ ድማ 25 ፈተናታት ክህባ እየን።

- **DeKalb School of the Arts, Towers**

**<u>ንፈተናን AP Expansion ዝወሰዳ ኣብያተ-ትምህርቲ</u>**

ካብ ግንቦት 2022 ክሳዕ ግንቦት 2023 ኣብ AP ዝተማህሩ ተማሃሮ ናይ 25% ወሰኽ ዘርኣያ ከምኡውን ኣብ ግንቦት 2022 ፈተና ዝወሰዱ እንተወሓደ 25 ተማሃሮ ዝነበርወ ናይ AP ኣብያተ-ትምህርቲ።

- **Arabia Mountain, Clarkston, Columbia, Cross Keys, DeKalb Early College Academy, Lithonia, McNair, Redan, Stephenson, Tapestry Public Charter School, Towers, Tucker**

**<u>ንፈተና AP Humanities ዝወሰዳ ኣብያተ-ትምህርቲ</u>**

ኣብ ነፍስወከፍ'ዘን ዝስዕባ ምድባት ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ፥ ሓንቲ ትምህርቲ እንግሊዝኛ (ELA)፡ ክልተ ማሕበራዊ ትምህርቲ፡ ሓንቲ ትምህርቲ ረቂቕ ስነጥበብ (fine arts) ከምኡውን ሓንቲ ትምህርቲ ቛንቋ ዓለም፡ እንተወሓደ ሓሙሽተ ፈተናታት ዝህባ ኮይነን፡ እንተወሓደ ድማ ብጠቕላላ 25 ፈተናታት ዝህባ ኣብያተ-ትምህርቲ እየን።

- **Chamblee, Cross Keys, Lakeside**

**<u>ኣብ AP Humanities ልዑል ውጽኢት ዘምጽኣ ኣብያተ-ትምህርቲ</u>**

ኣብያተ-ትምህርቲ AP Humanities (ኣብ ላዕሊ ዝተዋህበ ትርጉም ርኣዩ)፡ እንተወሓደ 50% ካብቶም መርመራታት AP Humanities ዝወሰዱ ተማሃሮ፡ 3 ወይ ልዕሊኡ ከምዝረኸቡ ዝገበራ እየን።

- **Chamblee, Cross Keys, Lakeside**

**<u>ብAP ኣዝዩ ልዑል ነጥቢ ዘምጽኣ ኣብያተ-ትምህርቲ</u>**

ፈተናታት AP ዝወስዱ ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ተማሃሮ እንተወሓዱ 20% ዘለዉወን ከምኡውን ኣብ ፈተናታት AP 3 ወይ ልዕሊኡ ነጥቢ ዘምጽኡ እንተወሓዱ 50% ዘለዉወን ኣብያተ-ትምህርቲ።

- **Chamblee, DeKalb School of the Arts, Druid Hills, Dunwoody, Lakeside**

**<u>ፈተና AP STEM ዝወሰዳ ኣብያተ-ትምህርቲ</u>**

እንተወሓደ ኣብ ኣርባዕተ ፈተናታት ትምህርቲ AP STEM፡ AP Calculus AB፡ AP Calculus BC፡ AP Statistics፡ AP Biology፡ AP Chemistry፡ AP Environmental Science፡ AP Physics 1፡ AP Physics 2፡ AP Physics C፡ AP Computer Science A፡ AP Computer Science Principles፡ እንተወሓደ ንሓሙሽተ ተማሃሮ ዘፈትና ኮይነን፡ እንተወሓደ ድማ ብጠቕላላ 25 ፈተናታት ዘፈትና ኣብያተ-ትምህርቲ እየን።

- **Arabia Mountain, Chamblee, Clarkston, Cross Keys, Druid Hills, Dunwoody, Lakeside, Southwest DeKalb, Tucker**

**<u>ኣብ AP STEM ልዑል ውጽኢት ዘምጽኣ ኣብያተ-ትምህርቲ</u>**

ካብቶም ኣብ ኩለን ፈተናታት AP STEM እንተወሓዱ 50%፡ 3 ወይ ልዕሊኡ ነጥቢ ዘምጽኡ ተማሃሮ ዘለዉወን ኣብያተ-ትምህርቲ AP STEM (ኣብ ላዕሊ ዝተዋህበ ትርጉም ርኣዩ)

- **Chamblee, Druid Hills, Dunwoody**

XXX